# ጋዜጣዊ መግለጺ

# ሓባራዊ ኣኼባ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባት ኣባል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ)

ንዝበዝሕ ዓቕምታት ደንበ-ተቓውሞ ኤርትራ (ፖለቲካዊ ውድባት፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣገደስቲ ወልቀ-ሰባትን) ዝሓቖፈ ሃገራዊ ጽላልና (ኤሃባደለ)፡ ሕዳር 2011 ምምስራቱ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብ መስርሕ ጉዕዞኡ ብሰንኪ ዘጋጠምዎ ዕንቅፋታት፡ ናብ ደውታ ኣትዩ ምንባሩ'ውን፡ ካብ'ቲ ደላይ ፍትሒ ተቓላሳይ ህዝብና ዝተኸወለ ኣይኮነን። ነቶም ዘጋጠምዎ ዕንቅፋታት ንምእላይ፡ ቀጻሊ ጻዕሪ ካብ ምግባር ኣዕሪፉ ዘይፈልጥ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ መጀመርያ ዓመተ-2017 ኣትሒዙ ግን፡ ብወከልቲ ሽማግለ-ዘተ ፖለቲካዊ ውድባቱ ኣቢሉ፡ ምጽውዋር ዝመልኦ ዘተ ከካይድ ጸኒሑ'ዩ። ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባት ኣባል ኤሃባደለ፡ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 04 ነሓሰ 2017 ኣብ ዘካየድዎ ሓባራዊ ኣኼባ፡ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ንኸበጽሑ ሓላፍነት ዝምልኦ ዘተ ኣካይዶም። ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባት ኣባል ኤሃባደለ፡ ነቲ ብሽማግለታት-ዘተ ዝተበጽሔ ሓባራዊ ስምምዓት፡ ኣድለይቲ ምምሕያሻት ብምግባር፡ ንትንሳኤን ቀጻልነትን ሃገራዊ ባይቶና ዘበራብር ሓባራዊ ንቕሎ ገይሮም ኣለዉ።

- እቲ ንኤሃባደለ ኣብ ደውታ ዘእተወ ወሳኒ ምኽንያት፡ ድኽመት ኣባል ፖለቲካዊ ውድባቱ ምዃኑ ብምግምጋም፡ ሓባራዊ ሰሚናር ከካይዱን፡ ንዝጸንሑም ድኽመታት ኣልዮም፡ ኣሳታፊ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ባይቶ ንምክያድ ጥጡሕ ባይታ ክምድምዱን ተረዳዲኦም ኣለዉ።
- ህዝቢ ኤርትራ ወትሩ ደላይ ሓድነት እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከኣ፡ ካብ ዝኾነ ካልእ ግዜ ንላዕሊ፡ ናይ ህላወ ሕቶ ኮይኑ ኣሎ። ሓባራዊ ኣኼባ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባት ኣባል ሃገራዊ ባይቶ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ብምቕባል ብሓደ ወገን፤ ንድሕነትን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ሰሚርካ ካብ ምቅላስ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ ምዃኑ ብምርዳእ ከኣ  በቲ ካልእ ወገን፤ ናብ'ዚ ባህጊ ህዝብና ዝሰምዐ ደምዳሚ ስምምዕ በጺሑ ኣሎ። እዚ ንኣባል ውድባት ሃገራዊ ባይቶ፡ 15ን 6ን ኮይኖም ክመዓደዉ ዝገበረ ጸገም ኣተሃዳዲኡ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ'ዚ፡ መሊኡ ናብ ረብሓ'ዚ መድረኽ ዝሓተና ዘሎ ዉዕዉዕ ቃልሲ ንክውዕል፡ ናይ ህዝብና ቀጥታውን ንቑሕን ተሳትፎ፡ ወሳኒ ረቛሒ ምዃኑ ሓባራዊ ኣኼባና ኣረጋጊጹ።
- ኣብ'ዚ ሓባራዊ ኣኼባ ፖለቲካዊ መሪሕነታት፡ ነቲ ዝተበጽሐ ሓባራዊ ስምምዓት፡ ብወከልቲ ክልቲኡ ሸነኻት ውድባት ኣባል ኤሃባደለ ክታሞም ኣንቢሮምሉ። ሰሚናር ዝካየደሉ መበገሲ መምርሒታት፡ ንኣወሃሃዲት ሽማግለ ሰሚናር ድሕሪ ምሃብ ከኣ፤ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጎኒ'ዚ ተበጊስናሉ ዘለና ስሙር ንቕሎ ተሰሊፉ ንክቃለስ ብምጽዋዕ ኣኼባኡ ዛዚሙ።

ሓባራዊ ኣኼባ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባት ኣባል ኤርትራዊ
ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ)
04 ነሓሰ 2017
ኣዲስ ኣበባ